## "ዳንድይ ዎልከር ሲንድሮም" እንታይ እዩ?

"ዳንድይ ዎልከር ሲንድሮም" ካብ ናይ ዘርኢ ዝተወርሰ ናይ ሓንጎል ጉድለት ማለት (ኮንጀኒታል ብረይን ማልፎርመሽን) ኮይኑ እቲ ቀንዲ መንቀሊኡ እቲ "ሰረበለም" (ሓደ ካብቲ ብድሕሪት ሐንጎልና ዘሎ ናይ ምንቅስቓስ ኣካላትና ዝቆጻጸር ኽፍሊ ናይ ሓንጎል) ከምኡውን እቲ ከባቢኡ ዘሎ ፈሳሲ ዝሓዘ ቦታ ብግቡእ ኣይሰርሕን ማለት እዩ።

እቲ ቀንዲ ምልክታት ናይዚ ሕማም እቲ ምግፋሕ ናይቲ ራብኣይ ቨንትሪክል (ፈሳሲ ዘሕልፍ ካናል) ኮይኑ ከምእውን ገለ ክፋል ወይም ብሙሉኡ ናይ "ሰረበራል ቨርኒስ" ዘይምህላው ይኸውን። ብተወሳኺውን ኣብቲ ታሕተዋይ ክፍሊ ናይ ውሽጢ ሽክና ጥረ ይበቁል ማለት ኢዩ።

ኢዚ ሕማምዚ ኣብ ህጻንነት ግዜ ክጅምር ይኽእል ኢዩ ወይ ቀስ ኢሉ ግዜ ወሲዱ ከይተፈልጠ ኪመጽኣ ይኽእል ኢዩ።

"ዳንድይ ዎልከር ሲንድሮም" መብዛሕቱ ኣብ ህጻንነት ግዝየ ኢዩ ዝጅምር። ሓደሓደ ካብቲ ምልክታት ናይዚ ሕማም ኣብ ህጻናት ዝረኤ ከም ናይ ኣካላት ምንቅስቓስ ጸገም፡ ሕበጥ ናይ ርእሲ ዝኣመሰሉ ጸገማት ይህልዉ።

ኣብ ዕብይ ዝበሉ ቆልዑት ዝርኣ ምልክታት ከኣ ከም ቀጨውጨው ምባል፡ ተምላስ፡ ፈጥፈጥ ምባል፡ ጸገም ናይ ምንቅስቓስ ጭዋዳታት ጸገማት ናይ ምንቅስቓስ ገጽ፡ ክሳድ፡ ኣዒንቲ ከምኡውን ናይ ምትንፋስ ጸገማትውን ይረኣይ ማለት ኢዩ።

ኣዚ ሕማም እዚ ምስ ካልእ ናይ ሓንጎል ክፍልታት ከም ምስ "ሰንትራል ነርቨስ ሲስተም" ውን ዝተተሓሓዘ ኢዩ። ብተወሳኺውን ጉድለት ናይ "ኮርፐስ ካሎሰም" (ኢቲ ንሓንጎል ኣብ ኪልተ ክፍሊ ዝፈሊ) ኣሎ ማለት ኢዩ። ብተወሳኺውን ሕማም ናይ ልቢ፡ ገጽ፡ ኣጻብዕቲ፡ ኣእጋር፡ የምጽእ ማለት ኢዩ።

## ፈውሲኹ ኣለዎ ድዩ?

ፈውሲ ናይዚ ሕማም ነቲ በዚ ሕማምዚ ዝመጸ ወይከኣ ዝተፈጥረ ጸገማት ናይ ኣካላት ምሕካም ይኸውን። ሓደ ካብቲ ዝግበር ሕክምና ቱቦ ኣብቲ ሽክና የእቲኻ ነቲ ፈሳሲ ምስሓብ እዚ ብምግባር ነቲ ሕበጥ ናይ ርእሲ ክጎድል ኢሞ ጸቕጢ ናይ ሓንጎል ከይፈጥር ዝግበር ሕክምና ኢዩ።

ስድራቤት ናይዚ ሕማምዚ ዘለዎም ቆልዑት ቅድሚ ካሎት ቆልዑት ምውሳኾም ናብ ሓኪም ከይዶም ናይ ሓኪም ምኽሪ ክረኽቡ ዝበለጸ እዩ።

## እቲ ገምጋምከ (ፕራግኖሲስ) እንታይ እዩ?

"ዳንድይ ዎልከር ሲንድሮም" ኣብ ናይ ሓንጎል ምምዕባል ዘምጽኦ ውጽኢት ክፈላለ ይኽእል እዩ። ኣብ ገሊኦም ቆልዑት ኖርማል ዝኾነ ናይ ሓንጎል ምዕባለ ይረኤ ናብ ገሊኦም ቆልዑት ከኣ ወላውን ካብ ህጻንነቶም እቲ ግቡእ ሕክምና ይገበረሎም ደኣምበር ፈጺሞም ናይ ሓንጎል ምዕባለ ዘየርእዩ ኣለዉ።

ናይዚ ሕማምዚ ዘለዎም ቆልዑት ዕድመ ክግምገም እንተደኣ ኾይኑ ኣብቲ ጸገማት ናይቲ ሕማም ዘምጽኦ ዝተሞርከሰ እዩ። ሓደ ካብቲ ዕድመ ከሕጽር ዝኽእል ጸገማት (ማልቲፐል ኮንጀኒታል ዲፈክትስ) ይኸውን ።

## እንታይ መጽናዕቲኸ ይግበረሉ ኣሎ?

ሓደ ኣብ ኣመሪካ ዝርከብ ማሕበር (ናሽናል እንስትትዩት ኦፍ ነውሮሎጂካል ዲሶርደርስ ኤንድ ስትሮክ) ዝተፈላለየ መጽናዕትታት ናይ ሓንጎል ዝገብር ማለት ከመይ ኢሉ ሓንጎል ከም ዝሰርሕ ዝግራመር ማሕበር እዩ።

እቲ ውጽኢት ናይዚ መጽናዕትታት ብዙሕ ጥቕሚ ዘለዎ እዩ። ካብዚ መጽናዕቲ ተሞርኪስና ብዝበለጸ መገዲ ከም

ሕማማት በዓል ዳንድይ ዎልከር ሲንድሮም ከምኡታት ዝኣመሰሉ ካልእ ናይ ሓንጎል ሕማማትውን ንምርዳእ ኣሞ ብዝበለጸ ሕክምና ንምፍጣር ማለት እዩ።

## "ዳንድይ ዎልከር ኣላያንስ" መንዮም ኢንታይ ኢዩኸ ዕላምኦም?

እዚ ማሕበርዚ "ብዳንድይ ዎልከር ስይንድሮም" ብቐጥታ ይኹን ወይ ብተዘዋዋሪ መገዲ ዝተተንከፉ ግለሰባት ዝተመስረተ ማሕበር እዩ። እቲ ቀንዲ ዕላማና ብሓባር ኮይና ነዚ ሕማምዚ እንታይ ምኻኑ ንህዝቢ ክንገልጽን ከነፍልጥን ከምኡውን እዚ ሕማምዚ እንታይ ምኻኑ መምጺኡኡ ክንፈልጥ እሞ ነቲ ፈውሲ ንኸርከቦ ዝግበር መጽናዕትታት ንድግፍ ማለት እዩ።

ስለዚ ነቶም በዚ ሕማምዚ ዝተተንከፉ ስድራቤታት እቲ ዝግበር ዘሎ መጽናዕትታት ናይዚ ሕማምዚ ብዝተኻእለ መጠን ብዝቐልጠፈ መገዲ ከም ዝበጽሖም ንምግባር ማለት እዩ።

ሶርስ፡ ማሕበር ዳንድይ ዎልከር ኣላያንስ